# ልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ንዓበይቲ (VOV)



IMDi
Integrerings- og mangfoldsdirektoratet

Direktoratet for høyere utdanning og kompetanse

ኣብ መደብ ኢንትሮዳክሽን እናሃለኻ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ንዓበይቲ (VOV) ክትወስድ ከም እትኽእል ትፈልጥ ዲኻ? ብመንገዲ VOV ሞያ ክትመሃርን ምስክር ወረቐት ክትረክብን ትኽእል። ብዙሓት ኩባንያታት ኖርወይ ሞያዊ ምስክር ወረቐት ዘለዎም ሰራሕተኛታት የድልዮም፣ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ምስ ዝህልወካ ድማ ስራሕ ክትረክብ ዝቐለለ ክኸውን እዩ።

## ንምንታይ VOV ንውሰድ?

**ዝያዳ ዕድላት ስራሕ** – ላዕለዋይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ምስ ተዛዘመ፡ ዝሓሸ ደሞዝ ዘለዎ ስራሕ ናይ ምርካብ ዕድልካ ዝለዓለ እዩ።

**ነጻን ተዓጻጻፍን** - እቲ ስልጠና ብነጻ ኮይኑ ምስ ስራሕ ወይ ስድራቤታዊ ህይወት ክውሃሃድ ይኽእል።

**ውሑስ መጻኢ** – ትምህርቲ ምስ ትውድእ፡ ስራሕ ንምርካብ ወይ ንዝያዳ ትምህርቲ ክትጥቀመሉ እትኽእል ድሕረ ባይታ ትምህርቲ ይህልወካ።

## እንታይ ዕድላት ኣለካ?

- ሞያ ተማሂርካ ምስክር ወረቐት ትወስድ
- ቤት ትምህርቲ ምስ ስራሕ ወይ ልምምድ ክተውሃህድ ትኽእል
- ንዓኻ ዝምጥን ስልጠና ክትወስድ ትኽእል

## መን ክሳተፍ ይኽእል?

ክትሳተፍ ትኽእል እንተኾንካ

- ናይ ኖርወይ መባእታ ቤት ትምህርቲ ወይ ተመጣጣኒ ቤት ትምህርቲ ዝወዳእኻ ክኸውን ኣለዎ
- ኣብ ካልእ ሃገር ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ዝወዳእኻን፡ እቲ ትምህርቲ ግን ኣብ ኖርወይ ኣፍልጦ ዘይረኸበ እንተኾይኑ።

## ከመይ ጌርካ ትጅምር

- ብዛዕባ እቲ ተኽእሎታት ምስ ኣማኻሪ መደብካ ተዘራረብ
- ብዛዕባ ዕድላት ትምህርትን ናይ መመልከቲ ግዜን ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ቤት ጽሕፈት ዞባ ተወከስ።
- www.vigo.no ቦታ ንምርካብ ኣመልክት – እዚ ገና ኣብ መድብ ኢንቶዳክሽን ከለኻ ክትገብሮ ትኽእል።

## ዝኾነ ሕቶ ኣለኩም ዶ?

ንዝያዳ ሓበሬታን መምርሕን ንቤት ጽሕፈት ኣውራጃ ተወከስ። ኣማኻሪ መደብካ ኣብዚ ክሕግዘካ ይኽእል እዩ።